ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳር ንናይ ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ዘፈር ቁጠባዊ ልምዓት ከይዲ ስራሕ ህንፀት ልምዓት መስኖ ካብ ዝተመደበሉ ናይ ፕሮግራም ምጥንካር ስርዓት ምግቢ ማለት FSRP በጀት ኣብ ጣብያ ሓፀቦ መደቦ ዒስራ ናይ ሓባር ዒላ አብ ማይ ተንከፈ ስራሕቲ ንዝተወፈሩ ሕጋዊያን ናይ ማይ ኮንስትራክሽን ንግዲ ትካላት ብምልክታ ፕረፎርማ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 3, 2018 (28 መዓልቲ ገይሩ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 10, 2018 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100000
- ቦታ:ላዕላይ ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ የካቲት 10, 2018 08:30 ደ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

1 ብናይ ማይ ህንፀት ስራሕቲ ደረጃ 7 ልዕልኡን ዝተሐደሰ ናይ 2018 ዓም ንግዲ ፍቃድ : ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ደረጃ 7 ልዕልኡን ብቅዓት ብቅዓት መረጋገፂ : ቲን ናምበር : በቲ ዘርፊ ዝተሐደሰ ን ናይ 2018 ዓም መቅረባይነት ሰርትፊኬት : ተመዝጋባይ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝኾነ ናይ ታሕሳስ 2018 ዓም ተወሳኺ እሴት ታክስ ዲክላሪሽን ከቅርብ ዝክእል

2 ተወዳደርቲ ኣብ ዝሐለፈ 8 ዓመት ኣብ መንግስታዊ ወይ ገበርቲ ሰናይ ፕሮጀክት ብድምር ክልተ ሚልዩን ልዕሊኡን ቅርሺ አብ ናይ ማይ ስራሕቲ ብኣግባቡ ዝሰረሐ ምኮኑ ዝገልፅ ናይ ፐይመንት ሰርተፊኬት ብተወሳኺ ፋይናንሻል ኣክሰብታንስ ከቅርብ ዝክእል

3 መከበሪ ፕርፎርማ ብር 100000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ብስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ዉሕስና ባንኪ ከቅርብ ዝክእል

4 ተወዳዳራይ ነቲ ፕሮጀከት ጀሚሩ ከቅፅል ምካኑ ንምርግግፅ እንተነኣሰ ክልተ ሚልዩን ቅርሺ ኣብ ባንኪ ሒሳቡ ዘለዎ ምካኑ ዘረጋግፅ ሕጋዊ ናይ ባንኪ ደብዳቤ ወይድማ ናይ ባንኪ ስተትምነት ወይድማ ናይ ልቃሕ መማረፂ እንተሃልዎ ነቲ ዝተገለፀ መጠን ገንዘብ ብልቃሕ ዝረከብ ምካኑ ካብቲ ዝልቀሖ ባንኪ ኣቀዲሙ ዝተዉሃቦ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ መረጋገፂ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክልእ

5 ሰዓራይ ተኮናታሪይ ናይ ኮንክሪት ፖስታ ሓቱር ዝከዉን ኣብ ዉሽጢ ዘፈር ልምዓት ቁጠባ ገጠር ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ዝርከብ ክፍቲ ቦታ ነቲ ኮንኩሪት ፖስታ መሳርሒ ማተሪያልት ማለት እዉን ናዊቲታተ ብምርጋፍ አምሪቱ ናብ ሳይት ብምጎዓዝ በቲ ዝወፀሉ ዲዛይንን ዝርዝር መዓቀኒታትን ማለት እዉን እስፐስፊኬሽን ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል

6 ሰዓራይ ተጫረቲ ዝሰርሑ ቦታ ካብ ዝተረከበሉ ዕለት ጀሚሪ ኣግባብ ዘለዎም ናይ ከባቢ ሐለዋ ብናይ ዓለም ባንኪ ናይ ከባቢ ማሕበራዊ ማሕበረሰብን ከምኡ እዉን ናይ ፕሮጀክት ሰራሕተኛታት ጥዕናን ድሕንነትን ዝምልክቱ ሕግታት ስታነደርዳት ናይ ፕሮግራም ምጥንካር ስርዓተ ምግቢ ማዕቀፍ ከባቢን ማሕበራዊን ድሕንነትን አተሓሕዝን ምሕደራን ናይ ምክባርን በቲ ስራሕ ምክኒያት ክበፅሕ ዝክእለ ጉድኣታት ኣቀዲምካ ናይ ምክልካል ጉድኣት እንተበፂሑ ድማ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ናይ ምስትክክላን ናይ ምሕካምን ግዴታ አለዎ ከምእዉን እቲ ስራሕ ወዲኡ ቅድመ ምዉፅኡ ናይ ዉሕጅ ናይ እንስሳ ሰብን ጥዕናን ድህነነትን ሐደጋ ካብፅሑ ካብ ዝክእሉ አስተካኪሉ ወይ አወጊዱ ናይ ምዉፃእ ግቡእ አለዎ እዚ ንምፈፃም ዘክእል ናይ ከባቢን ማሕበራዊን ድሕንነትን ጥዕናን አተሓሓዝ ምምሕዳር ስትራቲጂ ትልምን ኮድ ኦፍ ኮንዳክት ምቅራብ ትፅቢት ይግበረሉ ብተወሳኺ ናይ ፈረስ አይድ ኪትን ናይ ዉልቃዊ መከላኻሊ ናዉቲ ኣማሊኡ ክሰርሕ ዝክእል

7 ሰዓራት ተኮናተራቲ ናይ ኮንኮሪት ፖስተ ሓፁር ዝከዉን ኣብ ዉሽጢ ዘፈር ቁጠባዊ ልምዓት ገጠር ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ዝርከብ ክፍቲ ቦታ ነቲ ኮንክሪት ፖስታ መሳርሒ ማተሪያልት ብምርጋፍ ኣምሪቱ ናብ ሳይት ብምጎዓዓዝ በቲ ዝወፀ ዲዛይንን ስፐስፊኬሽንን ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8 ተወዳደርቲ ነቲ ፕሮጀክት ዝከታተሉ ዘድልዩ ሰብ ሞያ ቀዳማይ ፕሮጀክት ማናጅር በዝሒ ሐደ ደረጃ ትምህርቲ ብስቨለ ምህንድስና : ብኮንስትራክን ማናጅመንት : ብኮንስትራክሽን ቴክኖሎጂ : ብኮንስትራክሽን ኢንጂነሪንግን ተዛመድትን ዲግሪ ዘለዎ ስራሕ ልምዲ ዓመት ንዲፕሎማ ክልተ ዓመት ዝቁፀር ባዓል ሞያ ኣብ ሕጋዊ ትካል ማለት እዉን ፍትሒ ተቀባልነት ዘለዉ ዉዕሊ ስምምዕንተ ትምህርቲን መረዳእታ ስራሕ ልምድን ከቅርብ ዝክእል ባዕሉ እንተኮይኑ እዉን እቲ መረዳእታን ስራሕ ልምድን ከቅርብ ዝክእል : ካልኣይ ሳይት ኢንጂነር ማለት እዉን ፎርማን በዝሒ ሐደ ደረጃ ትምህርት ብስቪል ምህንድስና ብኮንስስትራክን ማናጅመንት : ብኮንስትራክን ቴክኖሎጂ : ብኮንስትራክን ኢንጂነሪንግ ተመሳሳሊን ስራሕ ልምዲ ንዲግሪ 0 ዓመት ንዲፕሎማ ክልተ ዓመት ዝቁፀር ባዓል ሞያ ኣብ ሕጋዊ ትካል ማለት እዉን ፍትሒ ተቀባልነት ዘለዉ ዉዕሊ ስምምዕንተ ትምህርቲን መረዳእታ ስራሕ ልምድን ከቅርብ ዝክእል ባዕሉ እንተኮይኑ እዉን እቲ መረዳእታን ስራሕ ልምድን ከቅርብ ዝክእል

9 ዘድልዩ ማሽነሪታት ማለት እዉን ኣቅሑት ዝምልከተ ናይ ባዕሉ እንትኮይኑ ንተሸከርክርቲ ሌብሬ ንካልኦት መሳርሒታት ፋኩትር የቅርብ ብክራይ እንተኮይኑ ናይ መካሪይን ተካሪይን ሕጋዊ ዉዕሊን ናይ ተሽከርከርቲ ቅዳሕ ሌብሬ ንካልኦት መሳርሒታት ናይ መካሪይን ተካሪይን ሕጋዊ ዉዕልን ቅዳሕ ፋክትሩን ከቅርብ ዝክእልን

10 ዘድልዩ ማሽነሪታት ዝምልክተ ቀዳማይ ፒክኣፕ በዝሒ ሐደ : ካልእይ ዳምፕ ትራክ በዝሒ ሐደ : ሳልሳይ ቸይን እክሳካቫተር በዝሒ ሐደ : ራብዓይ ቫይብሬተር በዝሒ ሐደ: ሓምሻይ ሚከሰር በዝሒ ሐደ

11 በዚ መሰረት ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳር ኩሎም ዝተሐተቱ ረቆሒታት አማሊኡ ዝተሐተተ ዋጋ ዝመለአ ሊስተ ቢደር ይከዉን ይከዉን

12 ሰዓራይ ምስሰዓሩ ካብ ዝተረጋገፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 7 መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ብዝተዉሃቦ ዲዛይንን ዝርዝር መዓቀኒታትን ማለት እዉን እስፐስፊኬሽን መሰረት ቅድም ኢሉ ዝተጠቀሱ መሳርሒታት ብምጥቃም ኣብ ዉሽጢ 90 መዓልቲታት ሰሪሑ ከረክብ አለዎ

13 ሰዓራይ ተወዳደሪ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ብጥረ ገንዝብ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ባንኪ ዉሕስና ዘትሕዝ ምካኑ ክፈልጥ አለዎ

14 ሰዓራይ ዝከዉን ብናይ ሎት ድምር ኮይኑ ዝተስዓረ ናይ ሐደ ሎት ዝርዝር ስራሕ ዋጋን ብ 20 ሓባር ዒላ ተራቢሑ ዉዕሊ ይእሰር

15 እቶም ተወዳደርቲ ናይ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ሰነድን ዋጋ ዝሐዘ ሰነድ ቅድም ኢሎም ዝተጠቀሱ ኩሎም ዝተሐተተ መለክዒ ዝሓዙ መረዳእታ ዋና ክልተ ቅዳሕን ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ምስዓሽጉ ዋና ቅዳሕን ኢሎም ኣብ ልዕሊ እቲ እናሽተይ ነብሰ ወከፈ ፖስታታት ብማርከር ብዝረአ ፅሑፍ ብምፅሓፍ ማሕተም ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ክዓርፎ ብምግባር ዳግም ኩሎም ኣናሽተይ ፓስታታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ማህተም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ሽም ናይ ኮንትራክተር ሽምን አድራሻን ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብማርከር ብዝረአ ፅሑፍ ብምፅሓፍን ነቲ ዉድድር ተባሂሉ ኣበ ቢሮ ቁፅሪ 7 ዝተዳለወ ሳንዱቅ ከእትዉ እዩም

16 ኩሎም ዝተሐተቱ ረቁሒ ዋና መረዳእታታት ብፖስታ ብምዕሻግ ወይ ብኣካል ሒዝኩም ክትቀርቡ እንዳሐበርና እቶም ዘቅርብዎ ቅዳሕ መረዳእታ ብምግንዛብ ሽዑ ተመላሲ ይግበር

17 ተወዳደርቲ ኣብቲ ፕሮፎርማ ሰነድ ዝተሐዙ ስራሕቲ ዝርዝር ዋጋ ብትክክል መሊኦም ኣብቲ ነብስወከፍ ገፅ እቲ ፕሮፎርማ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ እንተይዛብዑ ከምቲ ክሸየጥ እንተሎ ዝነበረ እንተይኣጎደሉ ከቅርቡ አለዎም

18 እዚ ዋጋ ፕረፎርማ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 30 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ

19 ሰነድ ፕፎርማ ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ላዕላይ ማይጨዉ ከይዲ ስራሕ ፋይናንስን ዕደጋን ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 7 ካብ 3/6/2018 ዓም ክሳብ 9/6/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 11:30 ድሕሪ ቀትሪ ስራሕ ሰዓት ምዉሳድ ይከኣል

20 ምልክታ ፕረፎርማ ሳንዱቅ 10/6/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 8:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፀዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ቅድም ቀትሪ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት ይኩን ዳእምበር ሕጋዊ ወኪላቶም ብዘይምርካቦም ከይዲ ምክፋት ጨረታ አይተኣጎጎልን

21 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ፕሮፎርማ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

22 ቅዳሕ ዝግበሩ ሰነዳት ዲዛይንን እስፐስፊኬሽንን ዋጋ መምሊኢ ሰነዳትን ናይ ተጫረቲ ኩሎም መረዳእታ ጥራሕ ቅዳሕ ይግበሩ

ንተወሳኺ ሐበሬታ 0913875262

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle